ዋሕስ ናይ ገዛ ቁጠባን ህንፀትን ኣክሲዮን ማሕበር፤ ኣብ ዓዲሓ ዓይደር ክ/ከተማ መቐለ B+G+10(LOT1) ንዓማዊል ንምርካብ መሉእ ናይ ሳኒተሪ ሰራሕቲ ክሳብ ፊቲንግ ምግጣም ክነስርሕ ሰለዝደለና

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ቀዳም ጥቅምቲ 1, 2018 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥቅምቲ 8, 2018 8:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:20,000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:400
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥቅምቲ 9, 2018 9:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ገዛውቲን ሕንፃ ስራሕቲን/

ምልክታ ግልፂ ጨረታ ሰራሕቲ ሳኒተሪ

ዋሕስ ናይ ገዛ ቁጠባን ህንፀትን ኣክስዮን ማሕበር ኣብ ትግራይ ዘሎ ናይ መንበሪ ገዛን መስርሒ ቦታን ፀገማት ንምፍታሕን ነቲ ትሑት ኣታዊ ዘለዎ ናይ ሕብረተሰብ ክፍሊ ማእኸል ገይራ ኣብ ምንቅስቓስ እትርከብ ትካል እያ።በዚ መሰረት ዋሕስ ናይ ገዛ ቁጠባን ህንፀትን ኣክሲዮን ማሕበር፤ ኣብ ዓዲሓ ዓይደር ክ/ከተማ መቐለ B+G+10(LOT1) ንዓማዊል ንምርካብ መሉእ ናይ ሳኒተሪ ሰራሕቲ ክሳብ ፊቲንግ ምግጣም ክነስርሕ ሰለዝደለና ነዞም ዝስዕቡ ረቑሓታት ተማልኡ ፍቓድ ዘለኩም ተጫረቲክትሳተፉ ንዕድም።

1. ናይ 2017 ዓ.ም ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድ ፣ናይ ግብሪ ኽፋሊ መፍለይ ቲን፣ ፣ናይ ኮንስትራክሽን ምዝገባ ፍቓድ፣ ብቕዓት መረጋገፂ ባት ምዝገባ ሰርቲፊኬት፣ከቕርብ ዝኽእል።

2. ተጫረቲ ናይ ጨረታመኽበሪ ብር 20,000 (ዒሰራ ሽሕ)(CPO፣Bank guarantee)ከቕርብ ይግባእ።

3. ተጫረቲ ናይ ብቕዓት መረጋገፂ ደረጃ ሸሞንተን ልዕሊዉን ዘለኩም ተመሳሳሊ ሰራሕቲ ክልተ ፕሮጀክትን ልዕሊኡን ዝሰርሑ::

4. እቲ ሰራሕ ኣብ ሸሞንት ወርሒ ሰረሑ ክውድእ ዝኽእል።

5. ናይቲ ጨረታ ሰዓራይ ዝተሓተ ዋጋ ዘእተወ ይኸውን።

6. ድሌት ዘለኩም ተጫረቲ ዘይምለስ ብር 400(ኣርባዕተ ሚኢቲ) ብምኽፋል ናይ ጨረታ ሰነድ ኣብ ቀበሌ 16 ሮማናት ኣደባባይ ናብ ቢሮ ትምህርቲ ዝወሰድ መንገዲ ኣቢሲንያ ባንክ ኣብ ዝርከበሉ ህንፃ 3ይ ደብሪ ብምቕራብ ካብ ዕለት 03/02/2018 ዓ/ም ጀሚሩ ኣብ ስራሕ ስዓት ምውሳድ ይካኣል።

7. ተጫረቲ ሓደ ኦርጂናልን ሓደ ኮፒን ፋይናንሻልን ሲፒኦን ዶክመንት ኣብዝተፈላለየ ፖሰታ ብሸምዒብምእሻግ ኣብ ሐደ ዓብይ ፓሰታ ኣሺጎም ብምቕራብ ሙሉእ ኣደራሻ ናይ ድርጅቶም ማህተም ብንፁር ብምግላፅ እቶም ኣብ ቁፅሪ 2 ዝተዘርዘሩ ምስክር ወረቐት ኦርጂናል ዶክመንት ኣብ እዋን ጨረታ ምኽፋት ሒዞም ክመፁ ኣለዎም።

8. ተጫረቲ ዝተማለእ ሰነድ ብምቕራብ ኣብ ቀበሌ 16 ሮማናት ኣደባባይ ናብ ቢሮ ትምህርቲ ዝወሰድ መንገዲ ኣቢሲንያ ባንክ ኣብ ዝርከበሉ ህንፃ 3ይ ደብሪ ዝተዳለወ ጨረታ ሳንዱቕ ካብ ዕለት 03/02/2018 ክሳብ ዕለት 08/02/201 ካብ ሰዓት 2:30 ንጉሆ ጀሚሩ ኣብ ስራሕ ስዓት ምእታው ይኸእሉ።

9. እቲ ጨራታ ተጫረቲ ወይም ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ዕለት 08/02/2018 ዓ.ም ድሕሪ ሰዓት 8:30 ተዓሺገ ሰዓት

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

9:00 ድሕሪ ቐትሪ ይኸፈት።

10. ተጫረቲተወሳኺ ሓበሬታ እንተደልዮም ብቐፅሪ ሰልኪ +251938000111,+251938000222 ምድዋል ይከኣል።

11. ትካልና ዝሓሸ መማረፂ ተረኺቡ እቲ ጨረታ ብኽፋል ወይ ሙሉእ ብሙሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ኣድራሻና- መቐለ ካብ ሮማናት ኣደባባይ ናብ ቢሮ ትምህርቲ ክልል ትግራይ ዝወስድ መንገዲ ባንኪ ኣቢስንያ ኣብ ዝርከበሉ ህንፃ 3ይ ደብሪ ንርከብ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle